FALKÖPING KOMMUNEN

# ናይ ማይ ምፍላሕ ለበዋ

ኣብ ዝስተ ማይ ባክቴርያ፡ ቫይረስን ካልኦት ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ፓራሳይትን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም ተባሂሉ ምስ ዝጥርጠር ከምኡ ውን ዲፓርትመንት/ ክፍሊ ማይ ክፍሊ ማይን ምጽራይ ረሳሕ ፈሳስን ጽርየት ናይቲ ማይ ከረጋግጹ ምስ ዘይክእሉ ምፍላሕ ማይ ከም ለበዋ ይወሃብ።

## ኣብ ምፍላሕ ማይ ክንኽተሎም ዝግብኣና ለበዋታት

- ኣብ ደረጃ ናይ ምፍላሕ ከየብጻሕና ንዝስተን ንመግቢ መስርሒ እንጥቀመሉ ማይ ክነፍልሖ ይግባእ።
- ባክቴርያ፡ ቫይረስን ካልኦት ፓራሳይትን ማይ ምስፈልሐ ስለ ዝሞቱ ነቲ ማይ ክሳዕ ሽረኽረኽ ዝብል ክነፍልሖ ኣለና።
- ነቲ ዝፈልሐ ማይ ኣብ ጽሩይ መትሓዚ ገምጢልና ክሳብ ዝዝሕል ኣብ ፍሪጅ ኣቀሚጥና ንጥቀመሉ።

## ንዝፈልሐ ማይ ነዞም ዝስዕቡ ክንጥቀመሉ ንኽእል

- ንጽሟቅ ወይ ካልእ ዓይነት መስተ ከንጥቀመሉ ንኽእል
- ናይ ቡን መስርሒ ማሺን ነቲ ማይ ክሳብ ኣብ ናይ ምፍላሕ ደረጃ ስለ ዘየብጽሖ ዝፈልሐ ማይ ንቡን መስርሒ ክንጥቀመሉ ንኽእል።
- በረድ መስርሒ
- መሕጸቢ ኣሕምልትን ፍረታትን
- መሕጸቢ ኣስናን

## ዘይፈልሐ ማይ ነዞም ዝስዕቡ ክንጥቀመሉ ንኽእል

- ንመግቢ ከም ብዓል ድንሽ፡ እንቃቅሖን ፓስታን ኣብ ማይ መብሰሊ
- ኢድን ገጽን መሕጸቢ
- ንመሕጸቢ ሰውነት ግን ቆልዑት ከይሰትይዎ ክነስተውዕል ይግባእ
- ናይ ኣቅሑት መሕጸቢ ማሽን ኣብ እንጥቀመሉ  ግዜ ዝለዓለ ናይ ሙቀት ደረጃ ንጠቀም ብድሕሪኡ ናይ መንቀጺ ፕሮግራም ንጠቀም።
- ብኢድና ኣቅሑት ምስ ሓጸብና፡ ነቲ ኣቅሓ ክንጥቀመሉ ክሳብ ዝነቅጽ ንጸበ
- ክዳውንቲ መሕጸቢ
- ንመሬትን ካሎኦት ባይታታትን መጽረዪ
- ንኣታኽልቲ መስተዪ
- ንሸንት ቤት

## ኣስተውዕል

- ናይ ማይ ምፍላሕ ለበዋ ኣብ ዝወጸሉ ግዜ ቆልዑት ቡምባ ብምኽፋት ክገጫጨቡን ኣብ ናይ ፕላስቲክ መሐምበሲ ናይ ቆልዑት ክሕምብሱን የብሎምን